Ministry of Immigration
and Integration

ምቕባል ብዛዕባ ናይ ምቕማጥ ከምኡ’ውን ነብስኻ ምኽኣል

ሽም፥

ውልቃዊ ቁጽሪ (person-ID)/cpr.nr.፥

*በዚኣ ጽሕፍቲ ኣቢለ፥ ናተይን ኣብ’ዚ ዝቕመጡ ደቀይ ከምኡ’ውን ባዕል/ቲ ቤተይ/መጻምድተይ ነብስኻ ንምኽኣልን ኣብ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳታፍነት ንኽረጋግጽ ከምኡ’ውን ኣስተዋጽኦ ንምግባር ብወገነይ ብትግሃት ከጽዕር ምዃነይ የረጋግጽ።*

*በዚ መሰረት ስዒቦም ዘለዉ የረጋግጽ፥*

- ብኹሎም ዝከኣሉ ኣገባባት ናይ ዴኒሽ ሕግታት ክኽተል ከምኡ’ውን ናይ ዴኒሽ ዴሞክራሲያዊ መትከላት ከኽብር እየ።

- ናይ ዴኒሽ ቋንቋ ከምኡ’ውን ኣፍልጦ ንናይ ዴኒሽ ሕብረተሰብ፥ መፍትሕ ናይ ጽቡቕን ህርኩትን መነባብሮ ኣብ ዴንማርክ ምዃኖም ይእመን።

- ነፍስ ወከፍ ዜጋን ስድራቤትን ናይ ነብስኻ ምኽኣል ሓላፍነት ከምዘለዎም ይእመን።

- ኣብ ዴንማርክ፥ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ማዕረ ግዴታን መሰላትን ከምዘለዎም ከምኡ’ውን ኣሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ሕብረተሰብ ኣስተዋጽኦ ክገብሩ ከምዘለዎም ይእመን። በዚ መሰረት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ናይ ምምሃርን ምስራሕን ሓደ ዓይነት ዝኾነ መሰል - ኣብ ገለገለ ኩነታት ድማ ግዴታ - ኣለዎም። ኣብ ዴሞክራሲያዊ መስርሓት ንምስታፍ እውን እንተኾነ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሓደ ዓይነት ዝኾነ መሰል ኣለዎም። ኩሎም ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ግብሪ (skat) ናይ ምኽፋል ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ ደቆም ናይ ወላዲ ሓላፍነት ግዴ ክጻወቱ ግዴታ ኣለዎም።

- ኣብ ልዕሊ በዓል/ቲ ቤትካ/ኪ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት፣ ኣብ ትሕቲ’ዚኦም ድማ ኣቛልዑት፥ ሓይሊ ምጥቃም ከምኡ’ውን ዘይሕጋዊ ምስግዳድ፥ ኣብ ዴንማርክ ዘቕጽዕ ምዃኑ ይፈልጥ።

- ንኹሎም ኣቛልዑት፥ ማለት ኣዋልድን ኣወዳትን፥ ማዕረ ዝኾነ ኣኽብሮትን ናይ ምምዕባል ዕድላትን ክህሉ ከምዘለዎ ይእመን። እዚ ምስዝኸውን ናይ ውልቆም ዝኾነ ምርጫ ክገብሩ ዝኽእሉ፥ ንጡፋትን ሓላፍነት ዝስመዖም ዜጋ ኮይኖም ክዓብዩ ይኽእሉ። ኣብ ዴንማርክ፥ ደቀይ ብዝተኸኣለ መጠን እቲ ዝበለጸ ኣተዓባብያ፥ ትምህርቲ ከምኡውን ኣብ ናይ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ንጡፋት ኮይኖም ንኽሳተፉ ከረጋግጽ እየ። ንኣብነት ደቀይ ብዝተኸኣለ መጠን ቀልጢፎም ናይ ዴኒሽ ቋንቋ ንኽመሃሩ፥ ኣብ ትምህርቲ ንኽነፍዑ ከምኡ’ውን ምስ ናይ ደቀይ መዋዕለ-ሕጻናት ወይ ድማ ቤት ትምህርቲ ብንጥፈት ክተሓባበር እየ።

- ንኣዋልድ ምኽንሻብ ከምኡ’ውን ኣብ ናይ መርዓ ስምምዕ፥ ሓይልን ግዴታን ምጥቃም ኣብ ዴንማርክ ዘቕጽዑ ተግባራት ምዃኖም ይፈልጥ።

- ኣብ ዴንማርክ መሰረታዊ ንዝኾኑ ናይ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ነጻነትን ምሉእነትን፥ ጾታዊ ማዕርነት ከምኡ’ውን ናይ እምነትን ናይ ምግላጽን መሰላት የኽብር።

- ንኣብነት ብጾታ ወይ ድማ ሕብሪ ቆርበት ምኽንያት ኣፈላላይ ምግባር፥ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ግሩፓታት፥ ብምኽንያት እምነት ወይ ድማ ብጾታዊ ፍልልይ ምፍርራሕን ፈኸራ ምክያድን ከምኡ’ውን ምንኣስን ምልጋጽን ኣብ ዴንማርክ ዘቕጽዑ ተግባራት ምዃኖም ይፈልጥ።

- ናይ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ንሸበራ ኣጽኒዑ ከምዝኹንኖ ይኣምን። ኣብ ሂወት ሰብ ወይ ድማ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ትካላት ድሕነት ሓደጋ ከስዕብ ዝኽእል ወይ ድማ ርእይ ዝኾነ ናይ ሕብረተሰብ ክብርታት ወንጀል ክካየድ ምዃኑ ዝፈልጥ ሰብ፥ ከም መበገሲ ደረጃ ብዝተኸኣለ መጠን ከምኡ’ውን ዓቕምታት ብዘፍቅዶ ኣገባብ፥ እዚ ወንጀል ንኸይፍጸም ጠጠው ንምባል ምፍታን ወይ ድማ ኣድላዪ ምስዝኸውን ድማ ሳዕቤናት ንኸይህልዎ ንፖሊስ ከመልክት ወይ ከተመልክት ግዴታ ከምዘለዎ/ዋ ይኣምን። ነዚ ዝተጠቐሰ ዘይምግባር እሞ እንድሕር እዚ ወንጀል ተፈጺሙ ወይ

ክፍጸም ተፈቲኑ፡ ብናይ ክፍሊት መቕጻዕቲ ወይ ድማ ክሳብ 3 ዓመት ማእሰርቲ ክቕጽዕ ይኽእል።

- ክሳብ ክንደይ ግዜ ኣብ ዴንማርክ ምቕማጠይ ብዘየገድስ፡ ንጡፍ ዝኾነ ተሳትፎ ምርኣይ፡ ኣብ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ንምስታፍን ኣስተዋጽኦ ንምግባርን ቅድመ-ኩነት ምዃኑ ይኣምን።

- ኣብ ዴንማርክ ናይ ምቕማጠይ ገደባት ብናይ ምቕማጥ መሰረት ዝግለጽ እዩ። ንገለ ግሩፖታት ከም መበገሲ ግዜያዊ ምቕማጥ እዩ።

- ከም መበገሲ ከረአ እንከሎ፡ ሓደ ስደተኛ ኣብ ዓዱ ዘሎ ኩነታት ለውጢ ገይሩ፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ዑቕባ ኣድላይነት ምስ ዘይህሉን ናብ ዓዱ ክምለስ ምስ ዝኽእልን፡ ናይ መቐመጢ ፈቓድ ጠለብ ከምዘይብሉ/ላ ይፈልጥ። ከም ንሓደ ስደተኛ ብስድራቤታዊ ዝተጸንበረ፡ ከም መበገሲ እንድሕር ኣብ'ዚ ዝቕመጥ ስደተኛ ናይ ዑቕባ ኣድላይነት ምስዘይህልዎ ናይ መቐመጢ ፈቓድ ጠለብ ከምዘይብሉ/ላ ይፈልጥ። በዚ መሰረት ግዜያዊ ናይ መቐመጢ ፈቓድ ክሰሓብ ወይ ድማ ምንዋሑ ክንጸግ ዝከኣል ምዃኑ ይፈልጥ።

- ንጡፍ ተሳታፍነት፡ ማለት ንናይ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ኣስተዋጽኦ ምግባር ከምኡ'ውን ነብሰይ ንኽኽእል ምጽዓር ናብ ዓደይ ምስ ዝምለስ ሓይሊ ክኾነኒ ከምዝኽእል ይፈልጥ።

- ኣብ'ዚ ዓዲ ከምዝቕመጥ ዘሎ ወጻእተኛ መሰረት፡ ናብ ዓድኻ ንምምላስ ወይ ድማ ኣቐዲሙ ናብ ዝነበሮ ሃገር ንምምላስ ኣብ ሓደ እዋን ምስ ዘድሊ፡ ብናይ ናብ ዓድኻ ምምላስ ሕጊ መሰረት ናይ ኤኮኖሚ ሓገዝ ምሕታት ዝከኣል እዩ።

ኣነ - ከም ናብ'ዚ ዓዲ ሓድሽ ዝመጻእኩ መሰረት - ካብ'ዚ ንላዕሊ፡ ንሓደስቲ ዝመጹ ወጻእተኛታት ስዒቡ ዘሎ ዝምልከት ምዃኑ ይፈልጥ፡
(ስዒበን ዘለዋ ነጥብታት ንምቕባል ዝፍርሙ ሓደስቲ ወጻእተኛታት ጥራሕ ዝምልከት እዩ)

- ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፈ ዴኒሽ ከማሃርን ብዛዕባ ናይ ዴኒሽ ሕብረተሰብ ኣፍልጦ ከናዲን እየ። ንቋንቋ ዴኒሽ ድማ ብምምሕዳር ኮሙነ ብዝተወሃበኒ ናይ ዴኒሽ ትምህርቲ ብምስታፍ ክመሃር ከምዝኽእል ይፈልጥ።

- ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፈ ኣብ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ብምውፋር ነብሰይ ክኽእል ክጽዕር እየ። ምስ ከሙነ ብዘለኒ ውዕል ተጻሒፉ ብዘሎ መሰረት ኣብ ንጥፈታት ምስ ዝሳተፍ፡ ቀዋሚ ስራሕ ንኽረክብን ነብሰይ ንኽኽእልን ክሕግዘኒ ከምዝኽእል ይፈልጥ።

- ናይ መቐመጢ ፈቓደይ ክናዋሕ እንድሕር ኮይኑ፡ ንናይ ምቕማጠይ ምኽንያት ዝኾነ ህሉው ክኸውን ከምዘለዎ ከምኡ'ውን ከም ስደተኛ መጠን ዑቕባ ኣድላይነት ምስ ዘይህልዎ እሞ ናብ ዓድኻ ምምላስ ዝከኣል ምስ ዝኸውን ናይ መቐመጢ ፈቓድ ጠለብ ከምዘይብሉ ይፈልጥ። ኣድላይነት ምስ ዘይህሉን ናብ ዓዱ ክምለስ ምስ ዝኽእልን፡ ናይ መቐመጢ ፈቓድ ጠለብ ከምዘይብሉ/ላ ይፈልጥ። ከም ንሓደ ስደተኛ ብስድራቤታዊ ዝተጸንበረ፡ ከም መበገሲ እንድሕር ኣብ'ዚ ዝቕመጥ ስደተኛ ናይ ዑቕባ ኣድላይነት ምስዘይህልዎ ናይ መቐመጢ ፈቓድ ጠለብ ከምዘይብሉ/ላ ይፈልጥ።

ዕለት ፊርማ